# ሰንበት ዘክረምት
## ሰነ 28 2018 ዓ.ም (7/5/2026)

**መዝሙር** ዘክረምት፡ ደምፀ እገሪሁ ለዝናም... ዝናም የድምጽ እሞ እንክዘንም ጥሙያት ይጸግቡ፥ ድኻታት ይሕጎሱ... ንሰንበት ብሰላም ቀደሳ አብ ዓዓመት ክረምቲ ይኸፍተላ።

**ንባባት**፡ ዕብ 6፡7-ፍ፥ ያዕ 5፡12-ፍ፥ ግ.ሓ. 27፡6-15፥ ማር፡4፡1-25።

**ምስባክ፡** ዘይገለብቦ ለሰማይ በደመና ወያስተዴሉ ክረምተ ለምድር፥ ዘያበቍል ሣዕረ ውስተ አድባር። ንሰማይ ብደመና የጎልብቦ፥ ንምድሪ ዝናም የሰናድወላ፥ አብ ጎቦታት ሣዕሪ የብቁል። ናይ ኩሉ ምንጪ አምላኽ እዩ ስለዚ ንኹሉ ክህበና ክንልምኖ ይግብአና።

ዝናም ብባህሪኡ አብ ተስፋ እዩ ዝወስድ። ዝናም እንተሎ ኩሉ ሕይወት ይረክብ ሰብ መጻኢ ሕይወቱ ንዓመት ዝኾኖ ቀለብ ይትስፎ። እንስሳታት ይሓውያ ከምኡ ኦም በረኻን ካልእ አትክልትን ይጥጥዕ ከምኡ ከፍሪ ይዕምብብን ይፈርን ስለዚ እዋናት ዝናም ንኹሉ እዩ ጽቡቕ።

አብ ስርዓት ሉጡርግያና ካብ ሰነ 25 - ሓምለ 15 ድርሰ በዐተ ክረምት ምእትው ክረምቲ ተባሂሉ ይጽዋዕ። ጊዚኡ ከም ዝሕብሮ እግዚአብሔር ምሕረቱን ሓይሉን ብናይ ባህሪ ተፈጥሮ ከምዘርኢ ከመልክት ኢሉ ብዛዕባ ደመና፥ መብረቕ፥ ዘርኢ እናጠቐሰ ይነግር። ኩሉ ፍጡር በብመልክዑ ጥበብ እግዚአብሔር ብዝተፈላለየ መገዲ ይገልጽ። ወቕትታት ብዝያዳ ሓልዮት አምላኽ ይገልጹልና። እዋናት ክረምቲ ናይ አምላኽ ህያብን ጸጋን ብዝውሃበና ምልክት ብቐሊል ክንርእዮ ንኽእል። ሓረስታይ ዝናም እንተ ረኺበ ተመስገን ኢሉ ንአምላኽ የመስግን፥ ከምኡ ዝናም እንተ ደንጎየ አብ ኢድ አምላኽ ምዃኑ አሚኑ ንአምላኽ ክተዓረቐ ብዝተፈላለየ መገዲ ይምህለል ይልምን። አብ ኩሉ አምላኽ ቀንዲ ገርና ንርእዮ። እዋን ክረምቲ ግብሪ አምላኽ ክነስተንትን ይሕግዘና።

አብ ወንጌል እንተ ርአና ኢየሱስ ብምሳሌ ዘርእን ዘራእን ገሩ ንነፍስወከፍና ቃሉ አብ ልብና ክዝራእ ይሓተና አሎ። አብ ትሕዝቶ እቲ ምሳሌ ክንርኢ ከሎና እንዕዘቦ ነገራት አሎ መጀመርያ እቶም ሰማዕቲ ኢየሱስ ብምሳሌ ገሩ ብዛዕባ መንግስቲ አምላኽ ከም ዝዛረቦም ይፈልጡ ነሮም ምኽንያቱ ንሱ መብዝሕትኡ ብዛዕባ መንግስቲ አምላኽ ክዛረቦም እንከሎ ብምሳሌ ገሩ እዩ ዝዛረብ ነሩ። ስለዚ ብምሳሌ ክዛረቦም እንከሎ ንርእሶም አብቲ ምሳሌ አበናይ ከምዘለዉ ወይ አየናይ ንኦም ዝምልከት ከምዘሎ ይፈልጡ ነሮም። አብ ማሕረስ ገለ ካብቲ ዘርኢ ከምዝወድቕ ከምኡ ገለ ጽቡቕ ከምዝፈሪ ገለ ኸአ ጽቡቕ ከምዘይፈሪ ይፈልጡ ነሮም። ግን ኢየሱስ ነዚ ምሳሌ ክነግሮም እንከሎ እንታይ ከስምዕ ኢሉ እዩ።

ኢየሱስ ብዛዕባ መንግስቲ አምላኽ ክዛረብ እንከሎ አብ ልቢ ሰማዕቱ ፍሉይ ድላይ አምላኽ ይዘርእ እዩ ነሩ። ገለ ካብ ሰማዕቱ ነቲ ዘስተምህሮ ዝነበረ ብልቦም ይቕበልዎ እሞ ፍረ ይገብሩሉ ነሮም። ገለ ኸአ ነቲ ዘስተምህሮ ዝነበረ ዋጋ ይህብዎ አይነበሩን ስለዚ ከፍርዩ ይኽእሉ አይነበሩን። ገለ ነቲ ዘስተምሃሮ ብስምዒት ይቕበልዎ ይፈትውዎ አብ ግብሪ ከውዕልዎ እውን መብጽዓታት ይአትዉ እንተ ኾነ ድሕሪ ሓጺር ጊዜ አብ ናይ ቀደሞም ይምለሱ አየፍርዩን ወይ ንእሽቶይ ጥራሕ የፍርዩ። እዚ አብ ሓዋርያነቱ ብግብሪ ተራእዩ፥ ይሁዳ ንኢየሱስ ክሒድዎ አብ መጨረሻ ነፍሱ ቀቲሉ። ነዚ ክንሓስብ እንከሎና ሓደ ንኢየሱስ ሰለስተ ዓመት ዝሰዓቦ እሞ ኩሉ ዝረአየ ከፍሪ ዝያዳ ክስዕብ ኢና እንጽበ እንተኾነ አሕሊፉ ከውህቦን ክኸሕዶን ንርእዮ። ኩሉ ኢየሱስ ዝዘርኦ ጽቡቕ ፍረ ጥራሕ ከምቲ ንጽበዮ አይኮነን ዝፈሪ ዝነበረ። አብ ሕይወት ሰባት ዝተፈላለየ ነገራት ክገብሩ ንዕዘብ ኢና ማለት ኩሉ ሓደ ዓይነት ፍረ አይኮነን ዝፈሪ ወላ እውን ንነገራት

ብሓደ ንስምዓዮም ንቀበሎም ንፈላለ ኢና። ነዚ ኣብነት ክኾነና ዝኽእል ናይ ሓንቲ ስድራ ቤት Borromeo እትብሃል ኣብ ሰመናዊ ዓዲ ጥልያን እትነብር ዝነበረት ካርሎ (ቻርለስ) ዝተባህለ ብቅዱስ ቻርለስ ቦርመዮ ዝፍለጥ ኣቡን ኮይኑ፥ ካልእ ማንታ ሓዉ ኣንቶንዮ ዝብሃል ሓደ ካብቶም ዝኸፍኡ ጨካናት ናይ ዘመኑ ዓመጽ ዝፍጽሙ ኣብ ሰመናዊ ኢጣልያ ኣባል ነሩ ሕሉፍ ሓሊፍዎ መራሒ እቶም ጨወይቲን ቀተልትን ኮይኑ ንሰባት ክቐትሉ ሰባት ብገንዘብ ይቘጽር ነሩ። ኣብ መንጎ ክልተ ካብ ሓደ ማሕጸን ዝወጹ ክልተ ጨሪሖ ዘይራኸብ ነገራት ክገብሩ ንርኢ። ነዚ ምስ ረአና ኣብ ሕልናና ዝመጽእ ስለምንታይ እዩ ገለ ሰባት ኣብ መንግስቲ ኣምላኽ ጽቡቕ ፍረ ዝፈርዩ ገለ ግን ጽቡቕ ዘይፈርዩ? እዝስ ነቲ ኢየሱስ ዘስተምሃሮ ብምግዳስ ስለ ዝይወሰድናዮ ድዩ ዝኸውን ዘሎስ ወይስ ካልእ ምኽንያት ኣሎ።
እንታይ እዩ እቲ ክነፍርዮ ዝድለ ዘሎ? ኣብ ገላ 5፡22 ጳውሎስ ብዛዕባ ፍረ መንፈስ ቅዱስ ክነግር እንከሎ፥ ፍቕሪ ሓጎስ ሰላም ትዕግስቲ፥ ልግሲ፥ ሕያውነት እሙን ምዃን ይብለና። እዚኦም ንምስጢረ ሜሮን ክንቅበል እንከሎና ብዝያዳ እንምሃሮም እዮም። ነዚኦም ፍረ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ዕለታዊ ሕይወትና እነትግብሮም እንተ ንኸውን ከመይ ዝበለት ዓለም ምሃለወትና። ምልኣት ሕይወት ዘልኦ ናብራ ምነበርና። መንግስተ ሰማይ ኣብ ምድሪ ምነበርና። ኢየሱስ ንዓለምና መደብ ኣልኦ፥ ሓዲሽ ሕብረተሰብ ክንምህዝ እሞ እዞም ፍረ መንፈስ ቅዱስ ኢልናዮም ዘሎና ብነፍሲ ወከፍና ኣብ ግብሪ ክውዕሉ እሞ ሽዑ ሓዲስ ሕብረተ ሰብ ፈጢርና ዝበለጸ ሕይወት ክነብር። ከምዚ ዝበለ ሕብረተ ሰብ ክሳብ ሎሚ ኣይተረኸበን ኣሎ ምኽንያቱ ነዚ ፍረ ሃብታት መንፈስ ቅዱስ ዝመርሖ ሚእቲ ብምእቲ ስለ ዘይንነብሮ።
ኢየሱስ ስለምንታይ ነዚ ኣብ ግብሪ ከምዘይንውዕሎ ምኽንያታቱ ይገልጸልና። ገለ ሰባት ንቃል ኣምላኽ ካብ ልቦም ክወሰድ የፍቅዱ። እዚኦም ነቲ ዘርኢ ተቐቢሎም ኣብ መገዲ ዘውድቕዎ እዮም። ንቃል ኣምላኽ ይሰምዕዎ ግን ነቲ ዝህቦም ተስፋታት ኣይኣምኑሉን። ንትምህርቲ ኢየሱስ ሰሚዖሞ እዮም እንተ ኾነ ኣየቕልቡሉን። እዚኦም ሰባት ትርጉም ሕይወት ዝረስዑ፥ ኣምላኽ ሓንቲ ከምዘይገብር ወይ እውን ከምዘየሎ ዝሓስቡ፥ ኣብዚ ዓለም ኣብ መገሻ ከምዘሎና ኩልና ክንሓልፍ ከምዝኾነ ዝዘንግዑ እዮም። ኣብ መልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ሰብ ኤፈሶን 1፡18 ከምዚ ዝብል ጸሎት ንረክብ፥ ኣዕይንቲ ልብኹም በሪሁ ናይ እቲ ዝጸውዓኩም ተስፋ እንታይ ከምዝኾነ ምእንቲ ኽትፈልጡ እቲ ንኣመንቲ ዘተስፈዎም ናይ እቲ ኽቡር ርስቲ ሃብቲ እንታይ ከምዝኾነ ምእንቲ ክትግንዘቡ እጽሊ ኣሎኹ። ነቲ ኣምላኽ ኣንቢሩልና ዘሎ ተስፋ እንተ ረሳዕና ወይ እውን ነቲ ከውርሰና ዘለዎ ክብሪ እንተ ዘይኣመና ፍረ ክነፍሪ ኣይንኽእልን ኢና፥ ከምቲ ኣብ መገዲ ዝወደቐ ዘርኢ ክንከውን ኢና። ኣብ ሓደ ጽሑፍ ዘንበክዎ ክልተ ጎረባብቲ ኣብ መንግኦም ብዝነበረ ጽልኢ ን30 ዓመት ከይተዘራረቡ ሓሊፉ ሕጂ ኽአ ኣብ ሓደ መቓብር ቁሩብ ሜትሮታት ተረሓሒቖም ተቐቢሮም ኣለዉ ዝብል። እዚ ኣብነት ናይ እቲ ኣምላኽ ኣቐሚጡልና ዘሎ ተስፋ ሓዲግካ ወይ እውን ነቲ ኣብ ሰማይ ንኹሎም ቅዱሳኑ ኣሰናድይዎ ዘሎ ክብረ ግርማ ዘይምዝካርን ዋጋ ዘይምሃብን እዩ።
ቅ. ዮውሓንስ ኣብ ቀዳመይቲ መልእኽቱ ምስ ኣምላኽ ዘሎና ምቅርራብ ክገልጽ እንከሎ ውሉድ ኣምላኽ ተባሂልና ምእንቲ ኽንጽዋዕ እግዚኣብሔር ኣቦ ኸመይ ዝበለ ፍቕሪ ከም ዝለገሠልና እሞ ርአዩ ውሉድ ኣምላኽ እውን ኢና፥ ዓለም ንእኡ ስለ ዘይፈልጠቶ እያ ንእና ዘይትፈልጠና (1ዮሓ 3፡1) ይብል። ስለ ዝተጠመቕና ውሉድ ኣምላኽ ኢና እንተ ኾነ ነዚ ብምሉእ ልብና ደቂ ኣምላኽ ምዃና እንተ ዘይኣመና ነቲ ፍረ ፍቕሪ፥ ሓጎስ፥ ሰላም፥ ትዕግስቲ፥ ልግሲ፥ ሕያውነት ኣይ ክነፍርን ኢና። ኣብ ገለ ሃገራት ብፍላይ ኣብ ላቲን ኣመሪካ ኣብ መንጎ ቅዳሴ ናይ ምሕዋይ ወይ ምንጻሕ ጸሎት ይግበር ኣብ ስርዓትና እውን ኣብ ጸሎታትና ንጽሊ ኢና፥ እዚ ግን ብምሉእ እምነት ክንገብሮ ኣሎና ኣይ ኮነ ከምቲ ኣብ መገዲ ዝወደቐ ዘርኢ እዩ ዝኸውን።
ኣብዚ ናይ ሎሚ ወንጌልና እቶም ካልኣይ ጋንታ ከምቲ ዝተዋህቦም ዘየፍረዩ ዘባሂሎም ዘለዉ እቶም ኣብ ሕይወቶም ገለ ፈተና ወይ እውን ስደት ኽገጥሞም እንከሎ ዝጠልሙ እዮም።

እዚኦም ሰባት ከምቲ ኣብ ከውሒ ዝተዘርአ ዘርኢ እዮም ከም ኣመንቲ ቀልጢፎም ንኹሉ ይቕበሉን ይገብሩን እንተ ኾነ መሰረት ወይ ሱር የብሎምን ሽው ነገራት ምስ ጸንከሩ ንኢየሱስ ይሓድግዎ። ባህልን ስርዓታትን ዘመን ኣምጽኦ ምዕባሌን ካብቲ ኢየሱስ ዘስተምሃሮን ዝበሎን ዝተፈለ መገዲ ክሕዝ ምስ ረአዩ ፈሪሖም ነቲ ትምህርቲ ኢየሱስ ይሓድግዎ እሞ ካልእ መገዲ ስለ ዝሕዙ ሓንቲ ኣየፍርዩን።

ሳልሳይ ጋንታ ኢሉ ኢየሱስ ዝነግረና እቶም ናይ ዓለም ኣብ ናይ ዓለም እሾኽ ዝወደቑ ተባሂሎም ዘለዉ ነቶም ቃል ኣምላኽ ምስ ሰምዑ መገዶም ከይዶም ብሓልዮትን ሃብትን ጣዕሚ ንብረትን ዚሕነቑ እሞ ኣብ ፍረ ዘይበጽሑ እዮም። ምስማዕ ጥራሕ ዝኣኽሎም ይመስሎም ንቃል ኣምላኽ ከም ካልኣዊ ወሲዶም ይኸዱ ኣብ ንብረት ሥጋ ጥራሕ እናጎየዩ እንከለዉ ሞት ተርክቦም። እዚኦም ሰባት ናይ ዓለም እሾኽ ነቲ ቃል ኣምላኽ ኣብኦም ከምዘይዓቢ ይገብሮ። ኣብ ሕይወቶም ቀዳምነት ዘልኦ ሃብቶም እዩ እዚ ኸኣ ከምዘየፍሩ ይገብሮም።

ራብዓይ ጋንታ ኣብዚ ናይ ሎሚ ምሳሌ እቶም ካብቲ ነቲ መልእኽቲ ሰሚዖም ጽቡቅ ፍረ ዘፍርዩ እዮም። ንሶም ከምቲ ኣብ ጽቡቕ ምድሪ ዝወደቐ ፍረ እሞ ሰላሳ ስሳ ሚእቲ ዝፈረዩ እዮም። እዚኦም ኣዒንቲ ልቦናኦም ነቲ ኣምላኽ ዝሃቦምን ዝበሎምን ንምቕባልን ንምስማዕን ዘድሃቡ እዮም። ነቲ ኣምላኽ ክህቦም ዘተስፈዎም ብእምነት ዝተጸበዩ ንዝኾነ መከራን ፈተናን ከይዘንግዑ ጸኒዖም ዝመከቱ እዮም።

እዚ ናይ ሎሚ ምሳሌ ንነፍሲ ወከፍና ዝምልከት እዩ።

- ኣምላኽ ብዝተፈላለየ መገዲ ቃሉ ድለቱ ይነግረና እዩ እሞ ከምፍረ ኮይኑ ኣብ ልብና ክዝራእ ክነፍቅድ። ልብና ሰናይ መረት ኮይኑ ከምቲ ዝድለ ፍረ ክህብ ናትና ድለትን ጻዕርን ተራ ኣልኦ።
- ነፍስወከፍና ነቲ ኣብ ልብና ዝተዘርአ ዘርኢ ከምዝፈሪ ክንገብሮ ኣምላኽ ሓገዝና ይደሊ ኣሎ። ንሕና ተቐበልቲ ጥራሕ ኣይኮናን ነቲ እንሰምዖ ነቲ እንኣምኖ ክነተግብሮ እንከሎና ፍረ ንፈሪ።
- ኣምላኽ ኣምቢሩልና ዘሎ ብዓይኒ ተስፋ ርኢና ነመገዲ ቅድስና ሒዝና ክንጉዓዝ ይግብኣና። እዚ ዓለም መወዳእታና ኣይኮነን፥ ግዝያዊ ሕይወት እዩ ዘሎና እሞ ክነፍሪ ምእንቲ ንመጻኢ ሕይወትና ንሕሰብ።
- ኣብ ጉዕዞ ሕይወትና ገለ እንፈልጦ ገለ ኸኣ ክንርድኦ እውን ዘይንኽእል ፈተና ሽግር ከም ዝገጥመና እንተ ኾነ ብእኡ ተሸኒፍና ካብ ድላይ ኣምላኽ ከይንወጽእ ጽኑዓት ክንከውን ኣሎና። ልዕሊ ኹሉ ጸሎት ክነዘውትር ንኣምላኽ ኣብ ልብና ቦትኡ ብኻልእ ከይንትክእ ክንጥንቀቕ የድልየና።

ሎሚ ኣምላኽ ነፍሲ ወከፍና ሰላሳ ስሳ ሚእቲ ከከም ዓቕምና ክነፍሪ ጸግኡ ሂቡና ስለ ዘሎ ከመሎኹ ኢልና ንርእስና እንሓተሉ እዋን እዩ። ኣብ ሕልናና ኣቲና ከምቲ ኣምላኽ ዝሃበኒ ኣፍሪ ዘሎኹ ክንብል እሞ ኣብ ግራት ኣምላኽ ኣፍረይትን እሙናት ዓየይትን ኮና ክንርከብ ፍቓደኛታት ንኹን። ኣብ ዕዮ ኣብ ስራሕ ክንወፍር እንከሎና ንበይንና ኣይኮናን ኣምላኽ ኣብ ጎንና ኣሎ፥ እቲ ጸገም ሕይወትና ተግባርና በይንና ከምእንመርሖ ገርና ምሕሳብና እዩ። ፈቓር ኣምላኽና ኩሉ ጊዜ ምስ ኣፍቀረና እዩ እሞ ሎሚ እውን ቃሉ ሰሚዕና ሕይወትና ክንቅይር እሞ ኣብ ኩሉ እንወፍሮ ከምቲ ንሱ ዝደልዮ ኣፍሪና ክንርከብ ሓግዘና ንበሎ ነዚ ኸኣ የብቅዓና።

ጠለትን በረኸትን ዝበዝሖ ክራማት ሂቡ ርሑስ መስቀል ይብረቐልና። ጥሙይ ዝዕንገለሉ፥ እሱር ዝፍትሓሉ ርትዒ ዝነግሰሉ ሕሙም ዝምሓረሉ ዘመን የውርደልና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ